# ስለምንታይ ኣምላኽ ሰብ ኰነ?

ወልደ እግዚአብሔር ስጋ ሰብ ዝለበሰሉ ምክንያት ዝገልጽ ሓጻር ጽሕፍቲ

28 ታሕሳስ 2008 ዓ.ም.ግ (2016)

ኣዳላዊ፡- ፍኖተኣትናቴዎስ
http://fnoteatnatiewos.com/

# ምእንቲ ንሕና ኣማልኽቲ ክንኸዉን ኣምላኽ ሰብ ኰነ

## *መእተዊ*

በስመ ኣብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ኣሐዱ ኣምላኽ፣ ኣሜን። እምነት ክርስትና ካብተን ኣብ ዓለም ዘለዋ ካልኦት ሃይማኖታት ፍሉይ እዩ። ፍሉይነት እምነት ክርስትና፣ ኣብ ስርዓት፡ ኣብ ዜማ፡ ወይ ኣብ ስርዓተ ኣምልኾ ጥራይ ኣይኰነን፤ እንታይ ደኣ፣ ፍሉይነት ናይ እምነት ክርስትና፣ ኣምላኽ ባዕሉ ስጋ ለቢሱ ዝተመላለሶ መገዲ ብምዃኑ እዩ። ካልኦት ሃይማኖታት፡ ሰባት ባዕሎም ዝመስረትዎ ክኸዉን እንከሎ፣ ክርስትና ግና ባዕሉ እቲ ሰማያዊ ኣምላኽ ነቲ ዝጠፍኣን፡ ዝሞተን ኣዳም ከድሕን ኢሉ ዝገበሮ ጉዕዞ እዩ። እዚ ጉዳይ ንብዙሓት የደንጹ እዩ።

ብዛዕባ ወልደ እግዚኣብሔር ጐይታና ኣምላኽናን መድሓኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ዘገርም ነገር እንተሃልዩ፣ ናቱ ባህሪያቱ ልዕሊ ኣእምሮ ብምዃኑን፣ እዛ ዉስንቲን ድርትቲን ኣእምሮና ተመራሚራ ክትበጽሖ ዘይትኽእል ስለዝኾነን እዩ።

***እስከ ንሕሰብ!!*** ከመይ ጌሩ፤ እቲ **ፍጹም ሰማያዊ ኣካል፡** ናይ **ኣብ ቃል፡ ኩሉ ዝኽእል መለኮታዊ፡** ናይ እግዚኣብሔር ጥበብ ዝኰነ፡ ዓለም ኩሉ ብእኡ ዝተፈጥረ፡ ካብቲ ዝተፈጥረ ዘበለ ድማ ብዘይካ ብእኡ ዝተፈጥረ ዘየልቦ /ዮሃ 1፥3/፣ **ወልድ**፤ ስጋ ድኹም ኣዳም ለቢሱ፡ ብሓጺር ቁመት ብጸቢብ ደረት፤ ኣብ ሃገረ ይሁዳ ተመላለሰ? እወ፣ ስለምንታይ እቲ **ፍጹም ናይ እግዚኣብሔር ኣብ ናይ ባህሪ ወዱ፡** ናይ ኣብ ጥበብ፤ ናብ ማህጸን ድንግል ኣትዩ፡ ካብኣ ተወሊዱ፡ ከም ኩሎም ህጻናት ምዕባዩ፡ ደሓር ዉን ከም ኩሉ ታራ ሰብ ብቁመት ብጸጋ ብጥበብ ዓብዩ፡ ኣብ 30 ዓመቱ ተጠሚቑ፡ ንልዕሊ ሰለስተ ዓመት ወንጌል መንግስቲ ኣምላኽ ሰቢኹ፡ ኣብ ዕለተ ዓርቢ መከራ መስቀል ተቐቢሉ፡ ሞይቱ፡ ተቐቢሩ፡ ኣብ ሳስልሰይቲ መዓልቲ ንሞት ስዒሩ ተንሲኡ፡ ናብ ናይ ቀደም ክብሩ ኣብ የማን ኣብኡ ተቐሚጡ? ***መን እዩ እዚ፡*** እቲ ኣልፋን ኦሜጋን ዝኾነ፡ **መልክዕ እቲ ዘይርአ ኣምላኽ፡ ብባህርዩ ኣምላኽ እኳ እንተ ኾነ፡** ነቲ ምስ ኣምላኽ ዝነበሮ ማዕርነት ኣይገድፍን ኢሉ ዘይተኸራኸረን፡ ሰብ ኮይኑ መልክዕ ባርያ ወሲዱ ብገዛእ ፍቓዱ ንርእሱ ድኻ ዝገበረ፡ ንርእሱ ትሕት ኣቢሉ ክሳብ ሞት መስቀል ዝትዓገሰ? ብሓጺሩ፣ ***ክርስቶስ መን እዩ? ስለምንታይ ሰብ ኮይኑ? ባህርያቱ`ኸ እንታይ እዩ?***

ካብ ምምስራት እምነት ክርስትና ኣትሒዙ፡ እዚ ሕቶ ተሓቲቱን፣ ከብ ዘመነ ሓዋርያት ጀሚሩን ብኩሎም መምህራን ቤተክርስቲያን ዉን መልሲ ተዋሂቡሉ እዩ። ከም ፍቓድ ኣምላኽ ድማ ነቲ ናታቶም ጽሑፋት መወከሲ ብምግባር ነዚ ሕቶ እዚ ክንምልስ። ብፍላይ ኣብዚ ጽሑፍ`ዚ፣ ትምህርቲ ናይቶም ካብ 2ይ-5ይ ክ/ዘ ዝነበሩ ኣቦታት፣ ሰዓብቲ ሓዋርያት ዝነበሩ ቅዱስ ኣቢሉደስ ዘሮም፡ ቅዱስ ኢራኔዎስ ዘሊዮንስ፣ ኣብ 4ይ ክ/ዘ ዝነበሩ መማህራንን፣ ኣዉራ ድማ ቅዱስ ኣትናቴዎስ ዘሓዋርያ ዝደረሳ ***«ትስጉተ ዘእግዚኣብሔር ቃል»*** ትብል መጽሓፍ ከም ቅርጺ ክንጥቀም ኢና።

እዚ ሕቶ እዚ መሰረታዊ እዩ። ሊቃዉንቲ መማህራን ከም ዝምስክርዎ፣ ***«እግዚኣብሔር ንዓለም ክፈጥር ኢሉ ካብ ዝተጠቕመሉ ጥበብ`ሲ፣ እቲ ንዓለም ዘድሓነሉ ጥበብ ይበልጽ»*** እዩ`ሞ፣ ነዚ ብሉጽ ጥበብ ኣምላኽ ክንምርምሮን ክንርድኦን ይግባእ። መሰረት እእምነት ክርስቲና፣ *«ኣምላኽ ሰብ ኰነ፣ ሰብ ኣምላኽ ኰነ»* እዩ። **ስለምንታይ?**

ነዛ ሕቶ፣ ብሓንቲ ቃል ምምላስ ይኻኣል እዩ፣ ***«ፍቕሪ»***። ኣምላኽ ፍጹም ስለዝፍቅረና፣ ንዓና ዘለዎ ፍጹም ፍቕሪ ክገልጽ፣ ሰብ ክኸዉን መረጸ፤ **«ኣምላኽ፡ በቲ ሐደ ወዱ ዝኣመነ ኹሉ ናይ ዘለኣለም ሕይወት ምእንቲ ኺረክብ እምበር፡ ከይጠፍእሲ፡ ንወዱ በጃ ኽሳዕ ዚሀብ፡ ክሳዕ ክንድዚ ንዓለም ኣፍቀራ።»** /ዮሃ 3፥16/። እዚኣ መልሲ እንድሕሪ ዘየዕጊባትና ድማ፣ ናብቲ ነዊሕ ዝርዝራዊ መልሲ ክንሓልፍ። ካብ ገነት ንጀምር፤

## ፍጥረትን ዉድቀትን

ኦሪት ዘፍጥረት ከም ዝነግረና፣ እግዚኣብሔር ኣምላኽ ካብ ቀዳመይቲ መዓልቲ ሰንበት (እሁድ ብግእዝ ቀዳመይቲ) ኣትሒዙ ክሳብ ዓርቢ (ሻዱሸይቲ መዓልቲ) ሰማይን ምድሪን ኩሉ ንብረታን ፈጠረ። ክቡር ጋሻ ናብ ገዛና ክንዕድም እንከሎና፣ ኩሉ ዝብላዕ ዝስተ ኣዳሊና ከም ንጽበዮ፣ ኣምላኽ ድማ ኣዳም ጋሽኡ ስለዝኾነ፣ ኩሉ ነገር ማለት ዝብላዕ ዝስተ፡ መዕረፊ፡ ኣዳልዩ ፈጠሮ። በይኑ ከይኸዉን ኢሉ ዉን፣ ንዕዑ እትሰማማዕ፣ ካብ መሰንገለ ወሲዱ ልክዕ ከምኡ ጌሩ ፈጠረሉ። ኣምላኽ ምንጪ ሰናይ ነገር ስለዝኾነ፣ ኩሉ ንሱ ዝፈጠሮ ዉን ኣዝዩ ጽቡቕ ነበረ /ዘፍ 1/። ንኩሎም እንስሳታትን ኣታኽልቲን ካልኦት ፍጥረታትን ሱቕ ኢሉ ብቃሉ ጥራይ ክፈጥሮም እንከሎ፣ ንሰብ ክፈጥሮ እንከሎ ግና፣ ፍሉይ ዕላማ ከም ዘለዎ ምእንቲ ክረድእ፣ ቅድሚ ምፍጣሩ ከምዚ በለ፤

*«ኣምላኽ ከኣ፥ ብመልክዕና ኸም ምስልና ሰብ ንግበር፡ ንዓሳ ባሕርን ነዕዋፍ ሰማይን ንእንስሳን ንብዘላ ምድርን ኣብ ምድሪ ለመም ንዚብል ኩሉ ለመምታን ይግዝኡ፡ በለ። ኣምላኽ ድማ ብመልክዑ ሰብ ፈጠረ። ብመልክዕ ኣምላኽ ፈጠሮ። ተባዕታይን ኣንስተይትን ገይሩ ፈጠሮም። ኣምላኽ ከኣ ባረኾም። ኣምላኽ ድማ፤ ፍረዩን ተባዝሑን ንምድሪ ከኣ ምልእዋን ምለኽዋን፡ ንዓሳ ባሕርን ነዕዋፍ ሰማይን ኣብ ምድሪ ለመም ንዚብል ኩሉ እንስሳን ከኣ ግዝኡ፡ በሎም» /ዘፍ 1፥ 26-29/።*

ሰብ (ኣዳምን ሔዋንን ንሕና ኩላትናን) ዝተፈጠርናሉ ዕላማ፣ መልክዕን ምስሊን ናይቲ ብባሕሪኡ ዘይርአ ኣምላኽ ምእንቲ ክንኸዉን እዩ። «ኣምላኽ ንኣዳም ኣብ መጀመርታ ክፈጥሮ እንከሎ፡ ግድን ሰብ ስለዘድለዮ ኣይኰነን፡

*እንታይ ደኣ ተቐባሊ ናይቲ ሰናይ ባህሪያቱ ምእንቲ ኽኸውን ኢሉ እዩ»* ክምዝበለ ቅዱስ ኢራኔዎስ ዘሊዮንስ(130-200 ዓም)[1]። እዚ ኣባና ሓዲሩ ዘሎ መልክዕን ምስሊን ኣምላኽ እንታይ ከም ዝኾነ ከብርሁ እንክልዉ፣ ሓደ ካብ ናይ ኮፓዶቅያ ኣቦታት[2] ተባሂሉ ዝፍለጡ ቅዱስ ባሲልዮስ ዘቂሳርያ፡ ብኸምዚ ይገልጾ።

ኣዳም ክፍጠር እንከሎ፣ መልክዕን ምስሊን ኣምላኽ ኣለዎ። ሓደ ሓዲሽ ዝተወልደ ህጻን፣ ክዉለድ እንከሎ መልክዕ ስድርኡ ኣለዎ። እዚ ህጻን፣ ጸባ ጡብ ኣዲኡ እንዳተመገበን፡ ስርዑ መግቢ እንዳወሰደን፡ ዝነግርዎ ዘበለ ኩሉ፣ ኩሉ ስነ ምግባር እንዳሰምዐን እንሕድሪ ዓብዩ፣ ዝያዳ ንወለዱ እንዳመሰለ ይመጽእ። ብመልክዕ ቅርጺ ሰብነት ጥራይ ዘይኮነ፣ ብጠባይ ውን ንወለዱ ክመስል ዓቕሚ ኣለዎ። ኣባና ዝሓደረ ጸጋ ኣምላኽ ውን ከምኡ እዩ። እቲ መልክዕ ኣባና ሕቱም እዩ፣ ናብ ምስሊ ኣምላኽ ድማ፣ ክንዓቢ ንኽእል። ምስ ኣምላኽ ዝህልወና ርኽብ፣ ሓሊና ምስ እንነብር፣ ናብቲ ናቱ ምስሊ፣ ብጸጋ ማለት ብቅድስና ክንዓቢ ንኽእል። [3]

ኣብ ሰብ ሓዲሩ ዝነበረ መልክዕ ኣምላኽ ኣዝዩ ዓቢ እዩ። ከምቲ ኣምላኽ ዝዛረብ፡ ዝሓስብን፡ ህይወት ዘለዎን፤ ኣባና ውን *እትዛረብ (ነባቢት)፡ እትሓስብ (ለባዊት)፡ እስትንፋስ እግዚኣብሔር ዘለዋ ዘለዓለማዊት* ***ነፍሲ*** *(ህያዊት)* ኣለና። መልክዕ ኣምላኽ ክበሃል እንከሎ፣ ኣምላኽ ከማና ቅርጺ ዘለዎ ኣካላት ኣለዎ ማለት ኣይኮነን። «ኣምላኽ መንፈስ እዩ» /ዮሃ 4፥23 ዘዳ 4፥15-16/። እቲ መልክዕ ኣምላኽ ተባሂሉ ዘሎ፣ ንመንፈሳዊ መልክዕ ክገልጽ እንከሎ እዩ። ከምቲ ኣምላክ ቅዱስ ዝኾነ ንሕና ውን ቅዱሳት፣ ከምቲ ንሱ ትሕቱ፡ ፈቃር፡ ለጋስ፡ መሓሪ፡ ይቕረ በሃሊ፡ ሓዳግ. .ወዘተ ዝኾኖ፣ ንሕና ውን ከምኡ ክንኸውን እዩ ተጸዊዕና። ልዕሊ ኩሉ ኣባና ዘሕደሮ መልክዕ ግና፣ **«ናጻ ፍቓድ»** እዩ። ከምቲ ኣምላኽ ብባሕሪኡ ናጻ ዝኾነ፣ ንሕና ውን፣ ፍጹም ናጽነት ዘለና፣ ንኣምላኽ ብፍጹም ናጽነት ክነምልኽ ዝተጸዋዕና ኢና። እዚ ኣባና ዝሓደረ ናጻ ፍቓድ፣ ኣዝዩ ኣገዳሲ ክፋል እዩ። ንምእዛዝ ኣምላኽ እንድሕሪ ተጠቒምናሉ፣ ዘለዓለማዊ ህይወት፣ ኣንጻር ኣምላኽ ክንዕምጽ እንድሕሪ ተጠቒምናሉ ድማ፣ ዘለዓለማዊ ሞት ክምጽእ ይኽእል። ነዚ ናጻ ፍቓድ ውን ኣምላኽ ኣይቆጻጸሮን፣ እምበር`ኸ ዝቖጻጸሮ እንድሕሪ ኮይኑ፣ ናጻ ፍቓድ ኣይበሃልን።

ቅ. ጎርጎርዮስ ዘኒሱን ብዛዕባ ኣባና ዝሓደረ መልክዕ ክዛረብ እንከሎ ከምዚ ይብል፣ *«እቶም ምስሊ ነገስታት ዝስእሉ ሰኣልቲ (ቀባእቲ)፣ ካብቲ ንጉስ ኣገደስቲ ነገራት ብምዉሳድን፣ ክቡር፡ ቅጭን ክዳን ብምኽዳንን፣ ምስሊ ናይቲ ንጉስ ይስእሉን፣ ልክዕ ንክብረት ናይቲ ንጉስ ዝበቅዕ ምስሊ የዳልዉ።* ***ብተመሳሳሊ መገዲ፣ ናይ ሰብ ባህሪ ውን፣ ምእንቲ ነቲ፣ ኣብ ልዕሊ ኩሉ ገዛኢ ንክኸውን ዝፈጠሮን ነቲ ልዕሊ ኩሉ ዝኾነ ንጉስ ንኽመስል ብሰናይ ባህሪያት (virtues) ተመላኪዑ ተፈጥረ።*** *በዚ ድማ ዝርአ ምስሊ ናቱ (ናይ ኣምላኽ) ኮነ። እዚ ምስሊ ብስም ይኹን ብባህሪኡ ንፈጣሪኡ እዩ ዝመስል። እዚ ምስሊ`ዚ ብቕጭን ክዳን፡ ወይ ብዘንጊ ንግስነትን፡ ወይ ውን ብክቡር ኣክሊልን ዘጌጸ ኣይነበረን፣ እቲ መበቆላዊ (ባዕሉ ኣምላኽ) ውን ብኸምኡ ዝተመላኸዐ ኣይኮነን። እዚ ምስሊ`ዚ ኣብ ክንዲ ቅጭን ክዳን ብስነ ምግባር (virtues) ዝተኸድነ እዩ፣ ብሓቂ ተሪኢናዮ ውን፡ ስነ ምግባር ካብ ኩሎም ናይ ነገሳታት ክዳን ይበልጽ። ኣብ ክንዲ ብናይ ምድራዉያን ዘንጊ ነገስታት ዝምኻሕ፣ ብበረኸት ዘለኣለማዊ ህይወት እዩ ዝያዳ ዝዉከል፤ ኣብ ክንዲ ኣክሊል ንግስነት፣ ኣክሊል ጽድቂ ዝተሰለመ እዩ።»*[4]

ኣዳም ኣብ ገነት ምስ እግዚኣብሔር ኣምላኽ ፍጹም ሓድነት ነበሮ። ድምጺ ኣምላኽ ይሰምዕ፡ ምስኡ ይዘራረብ፡ ንስሙ የመስግን፡ ምስ ሰበይቱ ብፍቕሪ ይነብር፡ ምስ ኩሎም ፍጥረታት ኣምላኽ ውን ብፍጹም ሰላም ይነብር፡ ኩሎም ፍጥረታት ውን ይእዘዝዎ ነበሩ። ነዚ ምስ እግዚኣብሔር ዘለዎ ሓድነት መሐለዉታ ክትኸውን ድማ፣ ሓንቲ ሕጊ ተዋህበቶ።

*«እግዚኣብሄር ኣምላኽ ድማ ንሰብ፡ ካብ ኩሉ ኦም ገነት ከም ዝደሌኻ ብላዕ፡ ካብታ ጽቡቕን ክፉእን እተፍልጥ ኦም ግና፡ ካብኣ ምስ እትበልዕ መዓልትስ ሞት ክትመውት ኢኻ እሞ፡ ካብኣ ኣይትብላዕ፡ ኢሉ ኣዘዞ።»* /ዘፍ 2፥16/። ***ኣዚኣ ሕጊ እዚኣ***፣ ከምቲ ገለ ሰባት ዝብልዎ፣ ንኣዳም ***መፈተኒት ኣይኮነትን። እንታይ ደኣ ጸጋ ክትኾኖ እዩ።*** ኣምላኽ ሓንቲ ሕጊ ጥራይ እዩ ሂብዎ፣ ካልእ ሕጊ ማለት ኣይትስረቕ ወይ ድማ ኣይትሓሱ ኢሉ ካልእ ኣይወሰኸሉን። ብዘይካዚ ውን፣ ካልእ ኣእላፋት ኣእዋማት ንመግቢ ዝኾንኦ ተዋሂብዎ እዩ። ኹላተን ኣብ ገነት ዝነበረ ኣእዋም «ምርኣዩ ዜብህግ፡ ምብላዑ ዝጥዑም» /ዘፍ 2፥9/ ነበራ። እዛ ትእዛዝ ተዋሂባቶ ዘላ፣ ምእንቲ ነቲ ኣብ መንጎ ኣዳምን እግዚኣብሔር ኣምላኽን ዝነበረ ሓድነት፣ መሐለዉታ ንኽትከዉን ብምባል እዩ። ኣዳም ነዛ ዕጸ በለስ ንከይበልዕ ኢሉ ዝገብሮ ጥንቃቐን ገድሊን፣ ምስ ፈጣሪ ፍጹም ሓድነት ንኽህልዎ ይገብሮ፣ ከም ውጽኢቱ ድማ፣ ኣዳም ብጸጋ እንዳዓበየ ብዝያዳ ንኣምላኽ እንዳመሰለ ናብ ፍጽምና ይዓቢ።

ኣዳም ነቲ ተዋሂብዎ ዘሎ ናጻ ፍቓድ ተጠቒሙ፣ ንኣምላኽ ከኽብር ይኽእል። ነታ ዝተዋህበቶ ትእዛዝ ብምሕላው ምስቲ ወሃቢ ህይወት ዝኾነ እግዚኣብሔር ፍጹም ሓድነት ይቕጽል፣ በዚ ውን ብህይወት ንዘለኣለም ይነብር። ነታ ትእዛዝ ምስ ዝጥሕስ ማለት ነታ ሕማቕን ጽቡቕን እተፍልጥ፣ ከይትበልዓ ኢሉ ዝተነግሮ ዕጸ በለስ እንድሕሪ በሊዑ ግና፣ እቲ ምስ ኣምላኽ ዘሎ ሓድነት ስለዝሰበር፣ እዚ ማለት ምስቲ ወሃቢ ህይወት ዝኾነ ኣምላኽ ሕብረት ስለዘይህልዎ፣ ሞት ክመዉት ይኽእል።

---

[1] Against Heresies 4.25 ዝተወሰደ ቃል

[2] ናይ ኮፓዶቅያ ኣቦታት ዝበሃሉ፣ ቅ. ባሲልዮስ ዘቂሳርያ፡ ሓዉ ቅ. ጎርጎርዮስ ዘኒሱንን፣ ዓርኩ ዝነበረ ቅ. ጎርጎርዮስ ዘኢንዘናዙን እዮም

[3] On the human condition/ ቅ ባሲልዮስ ዘቂሳርያ ብዛዕባ ኩነታት ደቂ ሰባት ካብ ዝጸሓፎ፣ መጽሓፍ ዝተወሰደ ሓሳብ

[4] The creation of human 4/ ቅ ጎርጎርዮስ ዘኒሱን

ኩልና ከም እንፈልጦ፣ እቲ ኣቐዲሙ ‘ነቲ ልዑል ኣምላኽ’ ክመስል ፈቲኑ /ኢሳ 14/ ብትዕቢቱ ዝተድረበየ ከሳሲና ዲያብሎስ፣ ኣዳም ብምልክዕ ኣምላኽ ወቒቡ ከም ዝተፈጥረ ምስ ረኣየ፣ ተንኮል ኣሊሙ ከስሕቶ ወሰነ። ንኣዳምን ንሄዋንን ከጋጊ፣ ብካልእ ስጋ ተሓቢኡ መጺኡ፣ ነታ ኦም ዕጸ በለስ እንድሕሪ በሊዖማ፣ ኣዕይንቶም ከምዝኽፈታን፣ ከም ኣምላኽ ከምዝኾኑን፣ ኢሉ ብምሕሳው ኣታለሎም።

*«ስለዚ ኸኣ ከምቲ ብሰሪ ሓደ ሰብኣይ ሓጢኣት ናብ ዓለም ዝኣተወ፥ ብሓጢኣትውን ሞት፥ ኵላቶም ስለ ዝበደሉ ድማ፥ ሞት ናብ ኵሉ ሰብ ሐለፈ. . . ሞት ግና ካብ ኣዳም ጀሚሩ ኽሳዕ ሙሴ ኣብቶም ማዕረ እቲ ኣበሳ ኣዳም ሓጢኣት ዘይገበሩውን ሰልጠነ፡»* /ሮሜ 5፥12-14/። ብመሰረት ትምህርቲ ቅዱሳን ኣቦታት ኣትናቴዎስን ናይ ኮፖዶቅያ ኣቦታትን፣ ሞት ናባና ዝወረደ መቕጻዕቲ ዘይኮነሲ፣ ካብ ኣምላኽ ምስ ንፍለይ ዘጋጥመና ባህሪያዊ ውጽኢት እዩ።

ሓደ ሰብ ብርሃን ኣይደልይን እንድሕሪ ኢሉ፣ ጸልማት ክረኽቦ፣ ህይወት ኣይደልይን ዝበለ ድማ ሞት ክረኽቦ ባህሪያዊ እዩ። ኣዳም መሬታዊ እዩ፣ ካብ ዘይምንባር ናብ ምንባር ኣምጺኡ ዘኽበሮ ድማ፣ ባዕሉ ኣምላኽ እዩ። ምስ ኣምላኽ ሕብረት እንድሕሪ ሃልዩዎ፣ ንዘለኣለም ክነብር ይኽእል። ምስዚ ምንጪ ዘለኣለማዊ ህይወት ዝኾነ ኣምላኽ ሕብረት እንድሕሪ ዘይብሉ ግና፣ ሞት ክገዝኦ ግድን እዩ። ኣዳም ብእብራይስጢ ሓመድ ማለት እዩ። ስለዚ ናብ ዘይምንባር ክምለስ ማለት ናብ ሓመድ ክምለስ ግድን እዩ።

ኣብዚ፣ ሞት ተባሂሉ ዘሎ፣ ነፍሲ ካብ ስጋ ምፍላይ ኣይኮነን፤ ከምዚ፥ ስሚ ሰቲኻ ጋሕ ኢልካ ትመዉት፣ ዕጸ በለስ ምስ በልዐ ነፍሱ ካብ ስግኡ ትፍለይ ማለት ኣይኮነን። እንታይ ደኣ ምስ ኣምላኽ ዝነበረ ሕብረት ይፈርስ ማለት እዩ። ምስዚ ምንጪ ዘለዓለማዊ ህይወትና ዝኾነ እግዚአብሔር ሕብረት እንድሕሪ ዘይብልና ድማ፣ ናብ ዘይምንባር ንምለስ ማለት ዘለዓለማዊ ሞት ይገዝኣና።

ስለዚ ሰብ (ኣዳምን ሄዋንን) ነቲ ምስ እግዚአብሔር ዝነበሮም ሕብረትን ሓድነትን ስለዝሰበረዎን ስለዝጥፍእዎን፣ ንሕና ድማ እዚ ሕብረት እዚ ምስ ተሰብረ ስለዝተወለድና፣ ኣባና ዉን ሞት ነገሰ፣ ማለት ምስ ኣምላኽ ሕብረት ዘይብልና ኮይንና። ሕሰብዎ ሓደ ሰለስተ ደቂ ዘለዎ ኣቦ፣ ቁማር ተጻዊቱ ኩሉ ገንዘቡን ንብረቱን እንድሕሪ ኣጥፊእዎ፤ ብሰንኪ ንሱ ዝገብሮ ጌጋ፣ ናብ ደቁን ስድርኡን ድኽነት ከዉርሶም ይኽእል። እንተ ናይ ኣቦኦም ግብሪ ክስዕብዎ፣ ማለት ከምኡ ቁማርተኛታት ክኾኑ ግና፣ ናታቶም ዉሳነ እዩ። ስለዚ ኣዳም ኣቦና፣ ናባና ናብ ደቁ እዚ ድኽነት ማለት፣ ናይ ህይወት ድኽነት (ሞት) ኣዉረሰና፣ ናባና ናብ ኩላትና ዉን ሞት ሓለፈ።

ብሰንኪ ኣዳም፤ ካብ ሕብረት ኣምላኽ ተፈለና፥ ስለዚ ድማ ሞት ክገዝኣና ጀመረ፥ ኣባና ሓዲሩ ዝነበረ መልክዕ ኣምላኽ ተዳኸመን ተጸየቐን፥ እቲ ናብ ቅድስና ክንጥቀመሉ ዝተዋህበና፣ ናይ **ናጻ ፍቓድ** ጸጋ ብዘይ ኣገባብ ክንጥቀመሉ ጀመርና፣ ማለት እቲ ናጻ ፍቓድ ሓጢኣት ንምስራሕ ክንጥቀመሉ ጀመርና፥ ፍልጠት ኣምላኽ ዘይብልና «ብዕራይ ንዋናኡ፥ ኣድጊ ድማ ንመብልዕ ማል ጐይታኡ ይፈልጦ. .» /ኢሳ 1፥3/፣ ንሕና ግና ንፈጣሪና ረሲዕና፣ ንኽብሪ እቲ ዘይሐልፍ ኣምላኽ ናብ ምስሊ ሓላፊ ሰብን ኣዕዋፍን ኣርባዕተ መሓውር ዘለዎም እንስሳን ለመም ዚብልን ንዚመስል ለወጥናዮ። ነቲ ሓቂ ኣምላኽ ናብ ሓሶት፥ ኣብ ክንዲ ፈጣሪ፥ ንፍጡር ከነምልኽ ጀምርና /ሮሜ 1/። እቲ ኩሉ ዝኽእል እግዚአብሔር ኣምላኽ፣ ከም ክቡር ጋሻ ጌሩ ብዕላማ ዝፈጠሮ ሰብ፣ መግለጺ ናይቲ ዘይርአ ባህሪኡ ዝነበረ፣ ሕጂ፣ ብምኽሪ ከይሲ ኣብ ትሕቲ ሓጢኣትን ዘለኣለማዊ ሞትን ወደቐ። ኣምላኽ ብኽቡር ኢዱ ዝፈጠሮ ሰብ፣ ወዲቑ ክተርፍ እዩ። ***ስለዚ ኣምላኽ እንታይ ይገበር?!***

## ኣምላኽ ኣብ መዋጥር

ቅዱስ ኣትናትዮስ ዘሓዋርያ`ዩ ነዚ ኣብ ላዕሊ ዝገልጽናዮ ኩነታት ከብርህ እንከሎ፣ ኣምላኽ ኣብ መዋጥር ኣተወ ዝበለ[5]። እዚ መዋጥር ተባሂሉ ዘሎ፣ ከም ኣዘራርባ ሰባት ክንዛረብ እንከሎ እዩ፣ እምበሪ፣ ሰባት ዓቕሎም ኣጽቢቦም ኣብ መዋጥር ከም ዝኣትዉዎ ኣይኮነን። ስለዚ ኣምላኽ እንታይ ይግበር?

ኣብ ቅድሚ እግዚአብሔር ኣምላኽ እዘን ዝስዕባ ምርጫታት ኣለዋ፦

1. ኣዳም ካብ እግዚአብሔር ተፈልዩ ክተርፍ፥ ሓጢኣት ክገዝኦን፣ ንዘለኣለም ሞይቱ ክተርፍን።
2. እንተ እግዚአብሔር ካብ ዘለዎ ፍቕሪ ተበጊሱ ድዩ፥ ወይስ ኣዳም ንስሓ ስለዝኣተወ፣ ኣምላኽ ሓሳቡ ክልዉጥ፣ ነቲ ሞት ዉን ክርሕቆ።
3. ዓንጾ ዓንጾ ንማዕጾ ከም ዝበሃል፣ እግዚአብሔር ንሰይጣን ኣጥፊኡ፥ ካልእ ሓድሽ ፍጥረት ክፈጥር።
4. እግዚአብሔር ንኣዳም ከድሕኖ፣ ማለቶ ናብ ናይ ቀደም ሕብረትን ሓድነትን ክመልሶ፣ ናብ ናይ ቀደም ክብሩ ክመልሶ።

ነዘን ነፍሲ ወከፋት ምርጫታት፣ ሓደ ብሓደ ንመርምረን። እዛ ቀዳመይቲ ምርጫ፣ <u>*/ኣዳም ካብ እግዚአብሔር ተፈልዩ ክተርፍ፥ ሓጢኣት ክገዝኦን፣ ንዘለኣለም ሞይቱ ክተርፍን/*</u> ክንምርምራ እንከሎና፣ ምስ ጠባያት ኣምላኽ ኣይሰማማዕን። **ሕሰብዎ!** እቲ ፍጹም ጥበበኛ ዝኾነ መለኮታዊ ኣካል፣ ዕሽነት ናቱ ካብቲ ናትና ጥበብ ዝበልጸ፣ እግዚአብሔር ኣምላኽ ዝፈጠሮ ፍጡር፣ ነበረያ ነበረ ኮይኑ ክተርፍ፣ ወዲቑ ክተርፍ፣ ኣየምሕርን! ኣብ ዓለም ዘለዉ መሃንዲሳት እኳ ነቲ ተመንዮም ዝሰርሕዎ ስራሕ፣ ከንቱ ኮይኑ ክትርፍ ኣይወሓጠሎምን። ንኣብነት ነታ ኣብ ማእኸል ኣስመራ እትርከብ ብልጽቲ ናይ ምህንድስና ስራሕ ዝኾነት፣ ናይ ፊያት ጽላል ዝሃንደሰ ጁሰፐ ፒታዚ፣

---

[5] On the Incarnation ch,2/ ትስጉተ ዘእግዚአብሔር ቃል፣ ቅ ኣትናቴዎስ ዘሓዋርያ

ንኹሉ ነገራት ተጠንቂቑ ሰሪሑ ምስ ወድአ፣ ብልጽቲ ስራሕ ምኻኑ ምትእምማኑ ከርኢ፣ ኣብ ዝባና ወጺኡ ደውኢሉ ብምምልላስ፣ ብሉጽነት ናይ ስርሑ ኣመስኪሩ እዩ። ነህለ ክሳብ ሕጂ ዉን ንልዕሊ 77 ዓመት ጸኒዓ ትርከብ። እምበኣር ምድራዉያን መሃንዲስት እኳ ክንድዚ ዝእክል ካብ ተገደሱ፣ እቲ መለኮታዊ ኣምላኽ፥ ኲሉ ዝኽእል፥ ኣምላኽ ግዳ፣ ብኢዱ ፈጢሩ፥ ዘለኣለማዊ እስትንፋሱ ሂቡ፥ መልክዑን ምስሉን ኣሲሊሙ ዝፈጥሮ ፍጥረት፤ ከንቱ ኮይኑ ክተርፍ እንታይ ይበሃል?!! ንሱ ዝፈጠሮ ፍጡር ሰብ፣ ብዉዲት ካልእ ፍጡር (ብምክሪ ዲያብሎስ) ወዲቑ ክተርፍ እንክሎ፣ እሞ ኣምላኽ ድማ ሱቕ ኢሉ እንተዝጥምቶሲ፤ ደጊምና ንኣምላኽ **ኲሉ ዝኽእል** ክንብሎ`ዶ ይከኣል? እምበኣር እዛ ቀዳመይቲ ምርጫ ኣይትሰማምዖን።

እታ ካልኣይቲ ድማ፣ *እንተ ኣዳም ተጋግዩ ኢሉ ስለዝተጣዕሰ ይኹን፥ እንተ እግዚኣብሔር ኣምላኽ ንደቂ ሰባት ካብ ዘለዎ ፍቕሪ ተበጊሱ ድዩ፣ ነቲ ሞት እንተዘርሕቖ`ከ?* ኣምላኽ ቃሉ እንተዝልዉጥ`ኸ? ማለት *‘ኣዳም ክትመዉት ኢኻ ኢሌኻ ኔረ ሕጂ ግና ገዲፈዮ ኣለኹ’ እንተዝብሎ`ኸ?* ኣብዚ ዉን ዓቢ ጸገም ኣሎ። ኣምላኽ ቃሉ ይቕይር ኣሎ፣ ማለት ሓሳዊ ይኸዉን ኣሎ። ሓደ ካብ ጠባያት ኣምላኽ፣ ፍጹም ፍትሓዊ፣ ፍጹም ሓቀኛ እዩ። *«ብርግጽ፥ ኣምላኽ ዓመጻ ኣይገብርን፥ እቲ ኹሉ ዚኽእል ድማ ፍትሒ ኣይደፍንን።»* /ኢዮ 34፡12/ *«እቲ ንነፍሱ ኣብ ምድሪ ዚባርኽ፥ ብኣምላኽ ሓቂ እዩ ዚባርኽ፥ እቲ ኣብ ምድሪ ዚምሕል ከኣ ብኣምላኽ ሓቂ እዩ ዚምሕል።»* /ኢሳ 65፡16/። እዛ ምርጫ ዉን ኣይተድሊን፣ ምኽንያቱ ምስ ባህሪያት እግዚኣብሔር ስለዘይሰማማዕ። ከምኡ እንድሕሪ ጌሩ፣ ኣምላኽ ሓሳዊ ይኸዉን ኣሎ /እግዚኦ ተሳሃለነ/።

ሳልሰይቲ ምርጫ ዉን ምስታ ቀዳመይቲ ሓሳብ ተመሳሳሊት እያ። ኣምላኽ ንኣዳምን ሰይጣንን ኣጥፊኡ፣ ካልእ ሓድሽ ፍጥረት ክፈጥር ምኸኣለ፣ ግን ከምቲ ኣብታ ቀዳመይቲ ሓሳብ ዝተገለጸ፥ እግዚኣብሔር ኣምላኽ፣ ድኻም ዘለዎ ይኸዉን ኣሎ።

እምበኣር እታ ተሪፋ ዘላ፣ ንኣዳም ናብቲ ናይ ቀደም ክብሩ፣ ናብቲ ንሱ ዝተፈጥረሉ መልክዕ ኣምላኽ፣ ናብ ሕብረትን ሓድነትን ኣምላኽ ክመልሶ እዩ። ብኹሉ ነገሩ እንተሓሲብናዮ እዚኣ እታ ዝሓሸት ምርጫ ጥራይ ዘይኮነትሲ፥ እታ እንኮን ዉን እያ። *«ጐይታ ነቲ ትኹዝን ሕዙን ልቢ ኮይኑ ዝነበረ ኣዳም፣ ናብ ናይ ቀደም ክብሩ ክመልሰ ፈተወ»* ከም ዝብለ ቅዱስ ኤፍሬም ሶሪያዊ ኣብ ዉዳሴ ማርያም ናይ ሶኒ። ኣብዚ ኩነት እዚ ኣምላኽ፣ ፍትሓዊን ከምኡ ዉን ፈቃርን ክኸዉን ኣለዎ።

*እምበኣር ነዚ ዕማም መን ክፍጽሞ ይኽእል? እቲ ክፍጽሞ ዝክእል ኣካል`ኸ መን እዩ? እንታይ ዓይነት ኩነታት ከማልእ ኣለዎ?* ሰብ ኣብ ከመይ ኩነታት ከም ዝወደቐ ብንጹር እንድሕሪ ተረዲእናዮ፣ ሽዑ ከተዓርቐና ዝኽእል ኣካል መን ምዃኑ ብቀሊሉ ክንርድኦ ንኽእል።

- ኣዳም ኣብ ትሕቲ ሓጢኣት ስለዝወደቐ፣ እቲ ናብ ናይ ቀደም ክብሩ ክምለሶ ዝኽእል ኣካል፣ ፍጹም ንጹህ፥ ሓጢኣት ዘይብሉ ክኸዉን ይግባእ። ንሓደ በዓል ዕዳ፣ ዋሕስ ክኾኖ ዝኽእል ኣካል፣ ባዕሉ እቲ ዋሕስ፣ ኣቀዲሙ ካብ ዕዳ፣ ናጻ ክኸዉን ኣለዎ።
- «ዓስቢ ሓጢኣት ሞት እዩ» /ሮሜ 6፡23/ ስለዚ ኣዳም ኣብ ትሕቲ ዘለኣለማዊ ሞት ስለዝወደቐ፣ እቲ ከድሕኖ ዝኽእል ኣካል፣ ንሞት ክስዕር ዝኽእል ክኸዉን ይግባእ። ማለት ባዕሉ ወሃቢ ህይወት ክኸዉን ኣለዎ።
- እቲ ኣብ ሰብ ዝነበረ፣ መልክዕ ኣምላኽ ተጸይቑ ስለዘሎ[6]፣ እቲ ከድሕኖ ዝኽእል ኣካል፣ ነዚ መልክዕ እዚ መሊሱ ክሕድሶ ዘኽእል ሓይሊ ክህልዎ ይግባእ።
- «ከምቲ ሕጊ ኣስታት ኲሉ ብደም እዩ ዚጸሪ፥ ብዘይ ምፍሳስ ደምውን ይቕሬታ ኣይከውንን እዩ።» /ዕብ 9፡22/ ከም ዝተባህለ። ደም ክፈስስ ዉን ግድን እዩ። ደም ናይ ህይወት ምልክት እዩ፣ ስለዚ ዉን እዩ ስጋ ምስ ደሙ ከይንበልዕ ዝተኸልከልና /ዘፍ 9፡4 ግብረ 15፡29/።

እምበኣር ነዘን ኣርባዕተ ነገራት ዘማልእ ኣካል መን ክኸዉን ይኽእል? ካብ ሓጢኣት ዝነጽሀ፥ ደም ክፈስስ፥ ሞት ክጥዕም፥ መሊሱ ግና ንሞት ክስዕርን፥ ነቲ መልክዕ ኣምላኽ ድማ መሊሱ ክሕድሶን፣ ናብ ሕብረት ኣምላኽ ክመለሰና መን ይኽእል? መላእኽቲ ከይንብል፣ መላእኽቲ ስጋ ስለዘይለበሱ፣ ንሞት ጥዒሞም፥ ደሞም ኣፍሲሰሶም ከድሕኑና ኣይክእሉን። ቅዱሳን ሰባት ዉን ከይንብል፥ ኲሎም ሰባት ኣብ ትሕቲ ሞት ወዲቖም ስለዘለዉ፣ ንርእሶም እኳ ከድሕኑ ኣይክእሉን። እምበኣር፥ ነዚ ኲሉ ፍታሕ ክኸዉን፥ ሓደ ኣካል ካብ ስላሴ፥ ናይ እግዚኣብሔር ቃል፥ ማለት ወልድ ስጋ ሰብ ለቢሱ ክግለጽ መረጸ።

## ፍታሕ ብተዋሕዶ[7]

*«እምበኣር በዚ ምኽንያት`ዩ፣ እቲ ዘይነገራዊ፣ ዘይመዉት፣ ስጋዊ ዘይኮነ* ***ቃለ ኣብ*** *ናብ ዓለም ዝመጽአ። ከምዚ ክበሃል እንክሎ፣ ቅድም ርሒቁ ኔሩ ማለት ኣይኮነን። ካብ ፍጠረት ፈጺሙ ርሒቁ ኣይፈልጥን፣ ፍጥረት ዉን ብዘይብኡ ንበይኑ ነቢሩ ኣይፈልጥን። ምስ* ***ኣብ*** *ብሓድነት እንክሎ፣ ንመላዕ ዓለምዉን መሊእዋ ነበረ። ናብ ዓለም መጽአ ክንብል ከለና፣ ብሓድሽ መልክዕ መጽአ ማለት እዩ፣ ብፍቕሩ ገዛእ ርእሱ ገለጸልና፣ ነዚ ዉን ከማና ትሕት ብምባል፣ ናብቲ ናትና ደረጃ ለጠቕ ኢሉ ብምዉራድ ስጋ ለቢሱ ናብ ዓለምና ኣተወ። እቲ ልክዕ ከምኡ (ከም ቃል) ሓሳብ እግዚኣብሔር ኣብ ዝገልጾ፣ ኣእምሮ ዘለዎ ሰብ፣ ብብልሽዉና ኣቢሉ፣ ሞት ኣብ ልዕሊኡ ስለዝነገሰት ናብ ጥፍኣት የምርሕ ነበረ። ዉጽኢት ናይ ሕጊ ምጥሓስ ዝኾነ፣ ብልሽዉና ተቖጻጺራቶም ነበረት። ሕጊ ከይተፈጸመ እቲ ዉሳኔ ክሰዓር ዘይሕሰብ እዩ።* ***እቲ ንሱ ባዕሉ ብኢዱ*** *ዝፈጠሮ ፍጡር ክጠፍእ ማለት ዉን ዘበት። ሰባት ካብ*

[6] እቲ ኣባና ዝሓደረ መልክዕን ምስሊን ኣምላኽ፣ ፈጺሙ ካባና ኣይጠፍአን፤ እንታይ ደኣ፣ ተዳኺሙን ተጸዩቁን እዩ ኔሩ። ማለት ሰብ ናብ ቅድስና ክበጽሓሉ ዝኽእል ዓቕሚ ተዳኺሙ ኔሩ።

[7] እዚ ሓሳብ ካብ ምዕራፍ 2ን 3ን ናይ On the Incarnation ብ ቅ. ኣትናቴዎስ ዘሓዋርያ ዝተወሰደ እዩ

*ግዜ ናብ ግዜ ዝያዳ ኣብ ሓጢኣት እንዳጠለቑ ይኸዱ ከምዘለዉን፣ ሞት ውን ሙሉእ ንሙሉ ተቖጻጺራቶም ከም ዘሎ፣ **ረኣየ**። ሰብ ዓቕሙ ድሩት ከምዝኾነን፣ ነቲ ኣብ ልዕሌና ነጊሱ ዝነበረ ሞት ውን ክንጻወሮ ከምዘይንኽእልን፣ ፍጥረት እግዚኣብሔር ውን ብኸንቱ ይጠፍእ ከምዘሎ ምስ ረኣየ፣ ብደቂ ሰባት ፍቕሪን ሓልዮትን ተደሪኹ፣ ከድሕነና ናብ ዓለምና ኣተወ። ከማና ስጋ ለቢሱ ውን ኣብ ማእከልና ሓደረ። ክርእ ጥራይ ኢሉ ኣይኮነን፣ ስጋ ሰብ ዝለበሰ። ከምኡ እንተዝኸውን ካልእ መንገዲታት ምመረጸ። ካልእ ዝሓሸን ዝጸበቐን ነገራት ምመረጸ። ግን ከማና ሰብ እዩ ኮይኑ። ስግኡ ውን ካብ ማንም ኣይኮነን። ካብታ ሕፍንቲ፣ ኣበሳ ኮነ መንቅብ ዘይብላ፣ ብሩካቤ ስጋ ዘይረኸሰት፣ ንጹሕ ስጋ ዝሓዘት ድንግል እዩ ወሲድዎ። ካብኣ ውን ብዘይ ዘርኢ ሰብኣይ፣ ስጋ ብምልባስ ሰብ ኮነ። ንሱ እዚ ሓያል፡ ገባሪ ኩሉ ዝኾነ፡ ኣምላኽ፣ ባዕሉ ኣዩ፣ ነዚ ስጋ መቅደሱ ንኽከዉን ኣብ ማሕጸን ድንግል ዘዳለዎ። ምስ ኣዳለዎ ውን መሳርሒ ንኽገብሮ፣ ክሓድረሉን፣ ክግለጸሉን ንገዛእ ርእሱ ወሰዶ። በዚ ስጋዚ ውን ኢና ንሕና ዝፈለጥናዮ። ኩሉ ስጋ (ሰብ) ኣብ ግዝኣት ሞትን ጥፍኣትን ስለዝነበረ፣ ከማና ስጋ ሰብ ብምልባስ፣ ኣብ ክንዲ ኩላትና ገዛእ ርእሱ ንሞት ኣግዚአ፣ ህይወቱውን ን**ኣብ** (እግዚኣብሔር ኣብ) መስዋእቲ ክትኸውን ወፈያ። ነቲ ኣብ ልዕሊ ኩሉ ስጋ (ሰብ) ንዝነበረ ኣብ ስግኡ ብምጺር፣ ኣብ ክንዲ ክላትና ሞተ፣ ሓይሊ ሞት ውን ተሳዕረ፣ ብሞቱዉን ንሕና ምስኡ ሞትና፣ በዚ ውን ኣብ ልዕሊ ኩልና ንዝነበረ ሞት ተሰረዘ። ስለዘፍቀረና ነዚ ኩሉ ገበረልና። ንደቂ ሰባት ካብ ዘልዓለማዊ ምምሻማሽ (corruption) ናብ ናይ ዘልዓለማዊ ህይወት (to incorruption) ክመልሰና፣ ገዛእ ስግኡ ናብ ሞት መደባ፣ ብጸጋ ናይ ትንሳኤዉን ኣድሓነና። ከምቲ ሓሰር ብሓዊ ተለቕሚጹ ዝጠፍእ፣ ከምኡዉን ሞት ብትንሳኤ ተሳዕረ።»* ቅዱስ ኣትናቴዎስ ዘሓዋርያ[8]

ኣብዚ ሓደ መሰረታዊ ነገር ክንርዳእ ይግባእ። እግዚኣብሔር ኣቦ፣ ንዓለም ኣዝዩ ስለዝፍቀራ፣ ንሓደ ውዱ፡ ንእግዚኣብሔር ወልድ ናብ ምድሪ ለኣኾ። እግዚኣብሔር ወልድ ውን ንዓለም ስለዝፍቀራ፣ ብፍቓዱ ካብ ንጽህት ድንግል ስጋ ሰብ ለቢሱ፣ ፍጹም ሰብ ኰነ። ንሱ፣ ማለት ክርስቶስ፣ ፍጹም ኣምላኽ ፍጹም ሰብ እዩ። ብግእዝ «ኣምላክ ወሰብእ» ንብል፣ ማለት ኣምላኽን ሰብን እዩ። 50% ሰብ፣ 50% ድማ ኣምላኽ ኣይኰነን፤ እንታይ ደኣ፣ 100% ኣምላኽ፣ 100% ሰብ እዩ፣ ክልተ ውን ኣይኰነን ሓደ እዩ። ንመለኮት ምስ ስጋ ዘወሃሃደ፣ ፍጹም ኣምላኽ ፍጹም ሰብ፣ ብተዋህዶ ዝኸበረ፡ <u>**ሓደ ባህሪ ስግዉ ቃል**</u> እዩ። ቤተክርስቲያን ነዚ ትምህርቲ`ዚ፣ ሚስጢረ ስጋዌ ትብሎ። *«ብሓቂ እቲ <u>**ምስጢር ኣምልኾ ዓብዩ**</u> እዩ፥ <u>**ንሱ እቲ ብስጋ እተገልጸ**</u>፡ ብመንፈስ ጸደቐ፡ ንመላእኽቲ ተራእየ፡ ኣብ ኣህዛብ ተሰብከ፡ ኣብ ዓለም ተኣምነ፡ ናብ ክብሪ ዓረገ።»* /1ይ ጢሞ 3፥15/። ኣብ ጐይታናን መድሓኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ፣ *«ኣብኡ ብዘሎ <u>**ምልኣት መለኮት ብስጋ ሐዲርዎ**</u> እዩ»* /ቆሌ 2፥9/፣ ማለት መለኮት ምስ ስጋ ተወሃሂዱ እዩ።

ኣብ መንጎናን ኣብ መንጎ ኣምላኽን፣ ጽልኢ ተሰሪቱ ኔሩ። ንሕና ምስ ኣምላኽ ሕብረት ዘይብልና ኮይንና፣ ብሓጢኣት ካብኡ ተፈሊና ነበርና። ስለዚ ንኽልቴና ዝዓርቀና ኣካል የድልየና ነበረ። ግን መን እሞ`ዩ ንዓና ምስ ኣምላኽ ክዓርቀና ዝኽእል። ሰብ ምስ ሰብ እንተ ተባእሰ፣ ሰብ ይዓርቆ። ሰብ ምስ ኣምላኽ እንተ ተባእሰ ግና፣ መን ንክልቴና ክዓርቀና ይኽእል። *«ሰብ ንሰብ እንተ በደሎስ፡ ኣምላኽ ይፈርዶ፡ ሰብ ንእግዚኣብሄር እንተ በደሎ ግና መን የማልዶ፡»* 1ይ ሳሙ 2፥25።

ኣብ መዓልታዊ ህይወትና እኳ፣ ሰባት እንድሕሪ ተባኢሶም፣ ክዓርቕ ዝኽእል፣ ሸማግለ ክምረጽ እንከሎ፣ ነቶም ዝተባእሱ ክልተ ኣካላት ጽቡቕ ጌሩ ዝፈልጥ (ንክልቲኦም ብማዕረ ዝዉክሎም)፡ ፈቃርን፡ ፍትሓዊን ዝኾነ ሸማግለ ምስ ረኸብና ኢና፣ ንክሽምግሉ ንሰዶም። ንሕና ምስ ኣምላኽ ተባኢስና ኣለና፣ ስለዚ መን እዩ ነዚ ነጥቢ እዚ ከማልእ ዝኽእል?[9] ስለዚ፣ ባዕሉ ኣምላኽ፣ ስጋ ሰብ ለቢሱ ክመጽእ ግድን ኰነ፣ *«ኣምላኽ ሓደ በይኑ እዩ እሞ እቲ ኣብ መንጎ ኣምላኽን ሰብን ዘሎ ማእከላይውን፡ እቲ ሰብ፡ ክርስቶስ ኢየሱስ፡ ሓደ በይኑ እዩ»* /2ይ ጢሞ 2፥5/።

ቅዱስ ዮሓንስ ኣፈወርቕ ነዚ ክትርጉሞ እንከሎ፣ ማእከላይ ማለት፣ ንኣምላኽን ንሰብን ዝዉኽል፣ ክልቲኡ ዝኾነ፣ ኣምላኽን ሰብን ዝኾነ፣ ብምባል ይገልጾ። *«ኣብ መንጎ እግዚኣብሔርን ሰብን፣ ማዕከላይ ኮይኑ ክርስቶስ ከተዓርቐና መጽአ። መለኮታዊ ባህሪኡ፣ ናይ ኣቡኡን፡ ናቱ ናይ ባሕሪኡ እዩ። ስጋዊ (ሰብኣዊ) ባሕሪኡ ድማ ናትና እዩ። ነዞም ክልቲኦም ባህሪያት ዓሪቅዎም፣ ንነፍሲ ወከፎም ብተዋሕዶ ሓደ ገበሮም። በዚ ድማ ነቲ ኣብ ማዕኸልና ዝነበረ ጽልኢ (ባእሲ) ኣርሐቆ። /ወከምዝ ኣማሰነ ቦቱ ጽልኣ።/»*[10]

ቅዱስ ጳዉሎስ ነዚ ነገር ጽቡቕ ጌሩ ኣብሪህዎ ኣሎ፣ ***«ኣምላኽ ንዓለም ምስ ርእሱ ኺዓርቃ ኸሎ፡*** *ኣብ ክርስቶስ ነበረ እሞ፡ በደሎም ኣይሐዘሎምን»* /1 ይ ቆሮ 5፥18/። *«ጸላእቱ ኸሎና፡ ምስ ኣምላኽ ብሞት ወዱ ተዓረቕና»* /ሮሜ 5፥10/። *«ኣቱም ቀደም ርሑቓት ዝነበርኩም፡ ንስኻትኩም ብክርስቶስ ኢየሱስ ብደም ክርስቶስ ቀረብኩም። ንሱ ነዞም ክልተስ ሓደ ዝገበረ፡ ነቲ ኣብ መንጎ ዝነበረ ኽልካሊ ቐጽሪውን ዘፍረሰ፡ ሰላምና እዩ እሞ፡ ብርእሱ ዕርቂ እናገበረ፡ ካብዞም ክልተ ሓደ ሓድሽ ሰብ ምእንቲ ኺፈጥር፡ ነቲ ጽልኢ፡ ንሱ ኸኣ ሕጊ ትእዛዝ ብስርዓት፡ ብስጋኡ ስዒሩ፡ ብመስቀሉውን ነቲ ጽልኢ ብእኡ ቐቲሉ፡ ንኽልቲኦም ብሓደ ስጋ **ምስ ኣምላኽ ኣተዓረቐም»*** /ኤፈ. 2፥13/። *«ብእኡ ብደም መስቀሉ ገይሩ ሰላም ምስ ገበረ ኸኣ፡ ነቲ ኣብ ምድሪ ዘሎን ኣብ ሰማያት ዘሎን ዘበለ ኹሉ **ንርእሱ ተዓሪቕዎ እዩ።»*** /ቆላ 1፥20/

ክርርስቶስ ብተዋህዶ፣ ማለት ኣምላኽን ሰብን፣ መለኮትን ስጋን፣ ስለዝኾነ፣ ንኽልቴና ክዉክል ይኽእል። ብመለኮት ማዕረ ኣብ እዩ /ዮሃ 10፥30/፣ ስጋ ብምልባሱ ድማ ማዕሬና እዩ /እብራ 2/። ብመለኮቱ፣ ወልደ እግዚኣብሔር

[8] On the Incarnation nr.9
[9] ሃይማኖተ ኣበው፣ ዘዮሓንስ ኣፈወርቅ ክፍል 21፥16-9
[10] ዘዮሓንስ ኣፈወርቅ ክፉል 22፥21-22

እዩ፤ ብሰብነቱ፣ ድማ ወልደ ማርያም እዩ። ኣብ ሰማያት ብዘይ ኣደ፣ ኣብ ምድሪ ድማ ብዘይ ኣቦ ዝተወልደ እዩ፣ ስለዚ ድማ፣ ንሱ፣ ምስ ገዛእ ርእሱ፡ ምስ ናይ ባህሪ ኣቡኡን፡ ምስ መንፈስ ቅዱስን ኣተዓረቐና።

ካልእ ኣብነት ንውሰድ፣ ኣብ ሓንቲ ዓዲ፣ ሓደ ፍጹም ሓቀኛ፡ ፍጹም ፍትሓዊ፡ ፍጹም ፈቃር ዝኾነ **ኣቦ** ኣሎ፣ ንበል። ናይዚ ኣቦ ስርሑ **ዳኛ** እዩ። ንኩሉ ገበነኛ ሰብ ዘዝግብኦ ዝፈርድ **ፍጹም ፍትሓዊ** እዩ። ንበል ሓደ ካብቶም ደቁ ገበን ፈጺሞም ኣብ ቅድሚ ፍርዲ ይቐርቡ። እቲ ***ፈራዲ ዳኛ ባዕሉ ኣቡኦም*** እዩ። *እንታይ ክገብር ኢልኩም ትጽበይዎ?* በቲ ሓደ ሓቀኛን ፍትሓዊን እዩ፣ በቲ ካልእ ድማ ፍጹም ፈቃር እዩ። ከመይ ጌሩ ነዘን ክልትኤን ነገራት ከማልእ ይኽእል? ሓደ ነገር ጥራይ`ዩ ክገብር ዝኽእል፣ ሓቀኛን ፍትሓዊን ስለዝኾነ፣ ነቲ ወዱ ግቡእ ፍርዱ ክፈርዶ እዩ፤ በታ ሓደ ድማ፣ ፍጹም ንደቁ ዘፍቅር ስለዝኾነ፣ ነቲ ዕዳ ማለት ነቲ ፍርዲ ባዕሉ ክስከሞ መረጸ። እግዚአብሔር ኣምላኽና ውን ከምኡ እዩ ጌሩ። ኣዳም ብዝገበሮ ሓጢኣት ሞት ግቡእ ፍርዱ እዩ፣ ግን ኣምላኽ ንኣዳም ኣዝዩ ስለዝፍቅሮ ነቲ ናይ ኣዳም ሞት ባዕሉ ክሞተሉ መሪጸ። *«ጸጋ ጐይታና የሱስ ክርስቶስ ትፈልጡ ኢኹም እሞ፡* ***ንስካትኩም በቲ ድኽነቱ ምእንቲ ኽትህብትሙ፡ ሃብታም ክነሱስ፡ ምእንታኻትኩም ደኸየ።»*** /2ዩ ቆሮ 8፥9/ ንሕና ናይ ህይወት ድኻታት ነበርና፣ ስለዚ፣ ንሕና ምእንቲ ብናቱ ሃብቲ ህይወቱ ክንህብትም፣ ነቲ ናትና ድኽነት ወሰደ። ናቱ ህይወት ሂቡ፣ ሞትና ወሰዶ።

*«ጸላእቱ ኽሎና፡ ምስ* ***ኣምላኽ ብሞት ወዱ ተዓረቕና፡*** *ካብ ተዓረቕና ደኣ፡ ክንደይ ብህይወቱ ኣዚና ዘይንድሕን። ግናኸ ብጐይታና የሱስ ክርስቶስ፡ ብእኡ ሕጂ ዕርቂ ዝረኸብና፡ ብኣምላኽውን ንምካሕ ኣሎና እምበር፡ እዚ ጥራይ ኣይኮነን። ስለዚ ኸኣ ከምቲ* ***ብሰሪ ሓደ ሰብኣይ*** *ሓጢኣት ናብ ዓለም ዝኣተወ፡ ብሓጢኣትውን ሞት፡ ኵላቶም ስለ ዝበደሉ ድማ፡ ሞት ናብ ኵሉ ሰብ ሐለፈ። ሕጊ ኽሳዕ ዚመጽእ፡ ሓጢኣት ኣብ ዓለም ነበረ እሞ፡ ኣብቲ ሕጊ ዜብሉ ግና ኣብኡ ሓጢኣት ኣይቍጸርን እዩ። ሞት ግና ካብ ኣዳም ጀሚሩ ኽሳዕ ሙሴ ኣብቶም ማዕረ እቲ ኣበሳ ኣዳም ሓጢኣት ዘይገበሩውን ሰልጠነ፡* ***ኣዳም ከኣ ምስሊ እቲ ዚመጽእ*** *እዩ። ግናኸ እቲ ውህበት ጸጋ ኸንድቲ ኣበሳ ኣይኮነን። ብኣበሳ ሓደ ሰብኣይ ብዙሓት ሞይቶም እዮም እሞ፡ እቲ ጸጋ ኣምላኽን ውህበቱን ብጸጋ እቲ ሓደ ሰብኣይ፡ ማለት ኢየሱስ ክርስቶስ፡ ናብቶም ብዙሓት እምብዛ ይዓዝዝ እዩ። እቲ ውህበት ከኣ ብመጠን እቲ ሓጢኣት ዝገበረ ሓደ ሰብኣይ ኣይኮነን። ፍርዲ ኻብ ሓደ ንኹነኔ መጸ፡ እቲ ውህበት ጸጋ ግና ካብ ብዙሕ ኣበሳ ንምጽዳቕ መጸ።* ***ሞት ብኣበሳ እቲ ሓደ በቲ ሓደ ኻብ ገዝኤ፡ እቶም ትርፊ ጸጋን ውህበት ጽድቅን እተቐበሉ ኸኣ በቲ ሓደ የሱስ ክርስቶስ ኣብ ህይወት ኣዝዩ ብዙሕ ኪገዝኡ እዮም።*** *እምብኣርሲ እቶም ብዙሓት በቲ ዘይምእዛዝ ሓደ ሰብኣይ ሓጥኣን ከም ዝኾኑ፡ ከምኡ ኸኣ ብምእዛዝ እቲ ሓደ እቶም ብዙሓት ጻድቃን ኪኾኑ እዮም እሞ፡ ከምቲ ብሓንቲ ኣበሳ ናብ ኵሉ ሰብ ኵነኔ ዝመጸ፡ ከምኡ ድማ ብሓንቲ ግብሪ ጽድቂ እቲ ምጽዳቕ ንህይወት ናብ ኵሉ ሰብ መጸ። ኣበሳ ምእንቲ ኺዐዝዝሲ፡ ሕጊ ኣተወ፡ ኣብቲ ሓጢኣት ዝዓዘዞ ግና፡ ኣብኡ እቲ ጸጋ ኣዝዩ ዓዘዘ። ከምቲ ሓጢኣት ብሞት ዝገዝኤ፡ ጸጋውን ከምኡ ብኢየሱስ ክርስቶስ ጐይታና ብጽድቂ ንዘለኣለም ህይወት ኪገዝእ እዩ።»* /ሮሜ 5፥10-መፈ/

ሓንቲ ሓዳስ ንብረት ገዚእና፣ ምስ ትበላሸወና፣ እቲ ምጀመርታ ዝመሃዛ ሰብ ጥራይ እዩ ከዕርያ ዝኽእል፣ ንዓና ናብ ናይ ቀደም ክብሪና ክምለሰና ዝኽእል ውን፣ ባዕሉ እቲ ኣብ መጀመርታ ዝፈጠረና ቃል እግዚአብሔር ኣምላኽ ማለት ወልደ እግዚአብሔር ጥራይ እዩ። እግዚአብሔር ኣብ፡ ብቃሉ ማለት ብወልድ ኣቢሉ እዩ ፈጢሩና፣ «ብእኡ ኹሉ ኮነ፣ ካብቲ ዝኾነ ድማ ብዘይ ብእኡ ዝኾነ የልቦን» /ዮሃ 1፡3/ *«ኵሉ ብእኡ ተፈጢሩ እሎ እሞ፡ ኵሉ ብእኡን ንእኡን እዩ እተፈጥረ።»* /ቆላ 1፥16/። ስለዚ መሊስና ምስ ወደቕና ውን ናብቲ ናይ ቀደም ክብሪና ክመልሰና ዝኽእል ንሱ ጥራይ እዩ።

ሰባት፣ ዝተፈጠርናሉ ምስሊ ጸዪቕና፣ ናብ ምስሊ ኣምላኽ ክንዓቢ ዘይንኽእል፣ እቲ ኣባና ሓዲሩ ዝነበረ፣ ናይ ናጻ ፍቓድ ጸጋ ድማ ንግብሪ ስጋ ንጥቀመሉ ነበርና /ገላ 6፥13/። ንሕና ናብ ኣምላኽ ክንቀርብ ኣይከኣልናን፣ ስለዚ ባዕሉ ንሱ፣ ኣምላኽ ሰብ ኮይኑ መጽአ። ንሱ ባዕሉ መልክዕ እቲ ዘይርአ ኣምላኽ እዩ /2ይ ቆሮ 4፥4፡ ቆሎ 1፥15/፣ ንሕና ውን በቲ ናቱ ምስሊ ኢና፣ ዝተፈጠርና፣ ስለዚ መሊሱ ንሱ ማለት ወልድ (እግዚአብሔር ቃል) ነዚ ምስሊ፣ ኣባና ከሐድሶ ይኽእል። ***«ንሱ ብመልክዕ ኣምላኽ ክነሱ፡*** *ነቲ* ***ማዕረ ኣምላኽ ምዃኑ*** *ኽም ምምንዛዕ ኣይረኣዮን። መልክዕ ባርያ ወሲዱ ርእሱ ኣሕሰረ፡ ሰብውን መሰለ፡ ብንብረቱ ኽም ሰብ ኰይኑ ተረኸበ። ርእሱ ኽሳዕ ሞት ኣትሐተ፡ ክሳዕ ሞት ኣብ መስቀል እኳ ደኣ ተኣዘዘ። ስለዚ ኸኣ ኣብ ሰማያትን ኣብ ምድርን ኣብ ትሕቲ ምድርን ዘሎ ኹሉ ብርኪ ብስም የሱስ ምእንቲ ኺምብርከኽ፡ ልሳን ዘበለውን ንኽብሪ እግዚኣብሄር ኣቦ ኢሉ የሱስ ክርስቶስ ጐይታ ምኻኑ፣ ኺእመን . .»* ከምዝገብኦን፣ ኵልና ውን ነዚ ልዑል ስም`ዚ ክንብርከክ ምስ ነገረና፣ ቅዱስ ጳውሎስ፣ እዚ ሓሳብ`ዚ ኣባና ክህሉ ይምዕደና /ፊሊ 2፥5-11/።

ካልእ ውን፣ ብሰንኪ ውድቐት ዘስዓቦ ድንቁርና፣ ሰባት መንነትናን ዘንጊዕናን፡ ፍልጠት ኣምላኽ ርሒቁናን፡ ፈጣሪና ረሲዕና፡ ንፍጡር ከነምልክ ጀሚርና ኔርና። ንኣምላኽ ውን ኣብ ማእኸል ፍጡራት ነናድዮ ነበርና። *«ሰብ ንኣምላኽ ሓዲጉ፡ ናይ ሰብ ምስሊ እንዳገበረ ክሰግድ ጀመረ። በዚ ምክንያት`ዚ ውን፣ ምስሊ ደቂ ሰባት ብሓሶት ከም ኣምላኽ ክምለኽ ጀመረ። ስለዚ ድማ፣ ምእንቲ እዚ ሓሶት`ዚ፣ ሓሶት ምዃኑ ምእንቲ ክገሃድ፣ ኣምላኽ ባዕሉ፣ ሓቀኛ (ፍጹም) ሰብ ኰነ»*[11] ከም ዝበለ ቅዱስ ቄርሎስ ዘኢየሩሳሌም። ፍጡር ነቲ ዝፈጠሮ ፈጣሪ፣ ዘይፈልጥ እንድሕሪ ኮይኑ፣ ውርደት እዩ። ስለዚ ኣምላኽ፣ ምእንቲ ኹሉ ሰብ ናብ ፍልጠት ሓቂ ክመጽእ፣ ንወዱ፣ «መገዲን ሓቅን ህይወትን» ዝኾነ፣ ለኣኾ። ንወልድ ክንርኢ እንኮለና ድማ፣ በቲ ዝርአ ባህሪ ናይ ወልድ፣ ንኣምላኽ ማለት ንኣቦ ክንፈልጦ ንኽእል፣ **«እቲ ንኣይ ዝረኣየ ነቦ ረኣዮ»** ኢሉ ባዕሉ ከም ዝመስከረ /ዮሃ 14/።

---

[11] St Cyril of Jerusalem Lecturer 12:15, ቅ. ቄርሎስ ዘኢየሩሳሌም

ክንፍጠር እንከለና፣ ዉሉድ ኣምላኽ ነበርና /ሉቃ 3፥38/። ደሓር ግና፣ ካብ መንገዲ ኣምላኽ ስለዝዓለና፣ እቲ ዉልድነት ኣምላኽ ዉን ካባና ኣልገሰ። ስለዚ ናብዚ ናይ ዉልድነት ክብሪ ምእንቲ ክመልሰና፣ ባዕሉ፡ እቲ ብባህሪኡ ወዲ ኣምላኽ ዝኮነ፣ ኢየሱስ ክርስቶስ ሰብ ኮነ። *«ነቶም እተቐበልዎ ዘበሉ ኹሎም ብስሙ ንዚኣምኑ ግና* ***ውሉድ ኣምላኽ ኪኾኑ*** *መሰል ሃቦም።»* /ዮሃ 1፥12፡ ገላ 3፥26/

*መንገዲ ኣምላኽ ሓዲግና፣ ብሰንኪ ዝገዝኣና ዝነበረ ሞት ርእስና ኣድኒንና፣ ንሓጢኣት ንግዛእ ፍጡር ነበርና። ደጊም ብኹልንትንኡ፣ ንዓና ብምምሳል* /እብ 1ን 2ን/፣ *ኣርኣያ ሓደገልና። «ኣቱም ኩልኹም እትጽዕሩን ጾር ዝኸበደኩምን፡ ኣነ ኸዕርፈኩም ናባይ ንዑ። ኣነ ለዋህ እየ፡ ልበይውን ትሑት፡ ኣርዑተይ ፈኲሽ፡ ጾረይውን ቀሊል እዩ እሞ፡ ኣርዑተይ ጹሩ ኻባይውን ተምሀሩ፡ ንነፍስኹም ከኣ ዕረፍቲ ኽትረኽቡ ኢኹም።»* /ማቴ 11፥28/ *«ነዚ ኢኹም እተጸዋዕኩም እሞ፡ ክርስቶስ ከኣ፡ ምእንቲ* ***ኣስኣሰሩ ኽትስዕቡ፡*** *ኣርኣያ ሓዲጉልኩም»* /1ይ ጴጥ 2፥20/ *«እቲ፡ ኣብኡ እነብር እሎኹ፡ ዚብል፡ ከምቲ* ***ንሱ እተመልላለሶ፡*** *ንሱውን ከምኡ ኾይኑ ኺመላለስ ይግብኦ እዩ።»* /1ይ ዮሃ 2፥6/።

ተላዊሆሙ ለሓዋርያት ተባሂሉ ዝፍለጥ ቅዱስ ኣብሊደስ ዘሮም *«እምነትና ካብ ካብ ባዶ ቃል ዝተበገሰ ኣይኮነን፣ ብህርመት ትርግታ ልብና ዉን ኣይኮነን ዝምራሕ፣ ብዘስድዕን ጽባቐን ዘረባ ዉን ኣይኮንናን ንበጋገስ። የግዳስ ነቲ መለኮታዊ ቃል ኢና እንኣምን። እግዚኣብሔር ኣብ* ***ንቃሉ*** *ማለት* ***ንወልድ*** *መዝነት ሂብዎ እዩ።* ***ናይ እግዚኣብሔር ቃል*** *ተዛረበ፣ በቲ ዝተዛረቦ* ***ቃል*** *ንሰብ ካብ ዘይምእዛዝ መለሶ። ክመልሶ እንከሎ ግና ገዲዱ ውይ ድማ ብሓይሊ ኣይነበረን፣ እንታይ ደኣ ብናጽነት ንዕዑ ዝሕሾ ንክመርጽ ብምዕዳም እዩ። ኣብቲ መወዳእታ መዓልቲ ዉን* ***<u>እግዚኣብሔር ኣብ ንቃሉ ናብ ዓለም ለኣኾ</u>*** *። ቃል ከምቲ ቅድሚ ዝገበሮ ብኣፍ ነብያት ክዛረብ፣ ወይ ዉን ንክትርድኦ ብዘሸግር ራእያት ኣይኮነን ክዛረብ መሪጹ።* ***<u>ዓለም ንዕዑ ርእያ ብእኡ ንክትድሕን እዩ፣ ባዕሉ ብዝርእ መልክዕ ተጋህደ</u>*** *። ቃል ካብ ድንግል ስጋ ለበሰ፣ ሓድሽ ስጋ ብምድላዉ ዉን ነቲ ኣረጊት ሰብነትና ለበሶ።* ***ንሱ ፍጹም ሰብ ምዃኑን፡ ከምቲ ንሕና ዝኾንናዮን ንሱ ከም ዝኾነን፣ ንፈልጥ ኢና። ብኹሉ ነገሩ ንዓና መሰለ። ንሱ ከምቲ ንሕና ዝኾንናዮ፡ እንተ ዘይኸዉን ኔሩ፣ ከም ጐይታ ኣብነት ገርና ክንስዕቦ ዝሃበና ትእዛዝ ንኸንቱ ምኾነ። ንሱ ከማና እንድሕሪ ዘይኮይኑ ደኣ፣ ከመይ ጌሩ ንሱ፣ ንዓይ ንድኹም፡ ንዕዑ ክመስል ዝእዝዘ?*** *ካባና ፍጹም ዝተፈልየ ከም ዘይኮነ ምእንቲ ከረድኣና፣ ብዙሕ ናይ ጻዕሪ ስራሕ ሰርሐ፡ ጠመየ፡ ጸምአ፡ ደኺሙ ዉን ደቀሰ፡ ንመከራ ከርሕቆ ኣይፈተነን፣ እንታይ ደኣ ትንሳኤ ደኣ ሃበና። ምእንቲ ንሕና መከራ ክገጥመና እንከሎ ከይንደሃል ብምባል፣ ብኹሉ ነገሩ ንገዛእ ርእሱ ወፈየልና።»*[12]

## መጠቃለሊ

ኣዳም ካብ ድንግል መሬት ተፈጥረ፣ እቲ ካልኣይ ኣዳም ዝኾነ ጐይታ ዉን፣ ካብ ድንግል ማህጸን ተወልደ። ሄዋን፣ ቃል ሰይጣን ሰሚዓ፣ ብታህዋኽ ዕጸ በለስ በሊዓ፣ ትእዛዝ ኣፍሪሳ፣ ሞት ኣምጽኣት። ድንግል ግና፣ ቃል ቅዱስ መልኣክ ሰሚዓ፣ ብትሕትናን ህድኣትን መርሚራ ተኣዘዘት፣ ንወሃቢ ህይወት ድማ ወለደትልና። ቀዳማይ ፍረ ማህጸን ናይ ሄዋን (ቃዬል)፣ ቀታሊ ሰብ እዩ ኔሩ። ፍረ ማህጸን ናይ ድንግል ግና (ክርስቶስ)፣ ወሃቢ ህይወት እዩ። ብሰንኪ ሄዋን፣ ገነት ተዓጽወ፣ ዳግማይ ድማ፣ ብሰንኪ ድንግል ተራሕወልና። ሄዋን፣ ትእዛዝ ኣፍሪሳ፣ ዕጸ በለስ በሊዓ፣ ሞት ኣዉረሰትና፤ ድንግል ግና፣ ብትሕትና ተኣዚዛ፡ ንጐይታ ወሊዳ፣ ንሱ ድማ ብዕጸ መስቀሉ ኣድሓነና። ሰይጣን ኣብ ተመን ተሓቢኡ፣ ንሰብ ናብ ግዝኣት ሞት ኣዉደቖ፣ ካልኣይ ኣዳም ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ድማ፣ ብስጋ ሰብ ተሰዊሩ፣ ንርእሲ ተመን ጨፍሊቑ፣ ካብ ሞት ኣድሓነና። ካብ ጎኒ ኣዳም፣ ሄዋን ተፍጥረት፣ ካብ ጐኒ ጐይታ ብዝፈሰሰ ደምን ማይን ድማ፣ ቤተክርስቲያን ተቐደሰት /ኤፌ 5፥26፡ 1ይ ቆሮ 6፥11/። ብሓጺሩ፣ ኩሉ ነገር ብክርስቶስ ናብ ናይ ቀደም ክብሩ ተመሊሱ እዩ፣ ነዚ ዝገበረ ኣምላኽና፡ ንጉስናን፡ መድሓኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ምስጋና ይብጽሓዮ።

*«ቃለ እግዚኣብሔር ዝኮነ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ፣ ምእንቲ ንሕና፣ ነቲ ንሱ ዝኾኖ ክንኸዉን፤ በቲ ዘይዉዳእ ፍቕሩ ተደሪኹ፣ ንዓና መሰለ።»*[13] ቅዱስ ኢራኔዎስ ዘሊዮንስ። *«ምእንቲ ንሕና፣ ሰብ ከመይ ጌሩ ንኣምላኽ ከም ዝመስል ምእንቲ ክንመሃር፣ ናይ እግዚኣብሔር ቃል ባዕሉ፣ ሰብ ኮነ»* ቅዱስ ቀለሜንጦስ ዘእስክንድርያ[14]። *«ናይ ሰብ ባህሪ፣ ብኢየሱስ ክርስቶስ ኣቢሉ ስዒሩን ተዓዊቱን እዩ (ኣብ ዓወት በጺሑ እዩ)። ምእንቲ ተኻፈልቲ ሃብቱ ክንኸዉን፣ ንሱ (እግዚኣብሔር ቃል) ከማና ሰብ ኮነ (ኣብቲ ናትና ሰብነት ተሳታፊ ኮነ)»* ቅዱስ ቄርሎስ ዘእስክንድርያ[15]። *«ምእንቲ ንሕና ኣማልኽቲ ክንኸዉን፣ ኣምላኽ ሰብ ኮነ»*[16] ቅዱት ኣትናቴዎስ ዘእስክንድርያ።

ስለምንታይ ኣምላኽ ሰብ ኾነ? ንዝብል ሕቶ፣ መልሱ፣ ምእንቲ ንሕና «ተማቐልቲ እቲ ኣምላኻዊ ባህርይ» /1ይ ጴጥ 1፥14/ ክንኸዉን እዩ። ከምዚ ኣብ ላዕሊ ዝረኣናዮ፣ ናይዞም ቅዱሳን ኣቦታት ምስክርነት ዉን፡ ነዚ እዩ ዘብርሃልና። ከምዚ ክንብል እንኮለና ግና፣ ንሕና ከም ኣምላኽ፣ መለኮታዉያን ንኸዉን ማለት ኣይኮነን። እንታይ ደኣ፣ ኣብቲ ናቱ መንፈሳዊ ባህሪያቱ ኢና፣ ብጸጋ ተሳተፍቲ እንኸዉን። ብመንፈሳዊ ባህሪይ፣ ብቅድስና፣ ብንጽህና፣ ብትሕትና፣ በለዉሃት፣ ብብጽእና፡ ብምሕረት. .ወዘተ፣ ብህይወት ኢና፣ ንዕዑ እንመስል። ብጹእ ኣቡነ ጳዉሎስ «ንሕና ነኣሽቱ እግዚኣብሔር ክንከዉን ኢና ተጸዊዕና፣ ከምቲ ንሱ ርህሩህ ዝኾነ፡ ንሕና ርህሩሃት ንኹን፣ ከምቲ ንሱ ፈቃር ዝኾነ፡ ንሕና ፈቃራት ንኹን፣ ከምቲ ንሱ ይቕረ ብሃሊን፡ መሓሪን ዝኾነ፣ ንሕና ዉን ከምኡ ንኹን»

---

[12] The word made flesh defies us. ቅ ኣብሊደስ ዘሮም
[13] *Against Heresies*, Book 5, Preface
[14] Clement, "Exhortation to the Heathen," *Ante-Nicene Fathers,* 2:174.
[15] Commentary on Luke 4, Temptation of Christ ቅ ቄርሎስ ዘእስክንድርያ ኣብ ትሩጓሜ ሉቃስ 4
[16] On the Incarnation 54:3

ከምዝበሉ[17]። ክርስቶስ ሰብ ኮነ፣ ምእንቲ ንሕና ንዕዑ ንክርስቶስ ብህይወት ክንመስል እዩ። *"ምእንቲ ንስኻ ወዲ ኣዳም፥ ወዲ ኣምላኽ ክትኸዉን፣ ንሱ እቲ ወዲ ኣምላኽ፥ ወዲ ዳዊት ኰይኑ ኣሎ፣ ስለዚ ኣይትጠራጠር። እምበኣር ክሳብ ክንድዚ ዝኣክል ኣምላኽ ለጠቕ ኢሉ ወሪዱ ዘሎ፣ ንከንቱ ኣይኰነን፣ ናብ ዝለዓለ ክብሪ ክብ ምእንቲ ከብለና እዩ። ምእንቲ ንስኻ ካብ መንፈስ ዳግማይ ክትዉለድ፣ ንሱ ካብ ስጋ ተወልደ! ንስኻ ምእንቲ ወዲ እግዚአብሔር ክትኸዉን፣ ንሱ ካብ ሰበይቲ ተወልደ"* ቅ. ዮሓንስ ኣፈወርቅ[18]

ወንጌል ዉን ነዚ እዩ ዝምህረና፣ ሰብ ካብ ኣምላኽ ተፈልዩ ኔሩ፣ ኣምላኽ ድማ ነቲ ዝጠፍአ ከናድይ፣ ሰብ ኮይኑ መጽአ። እምበኣር ድሕነት፣ ኣብ ቅድስት ቤተክርስቲያንና፣ ምስ ኣምላኽ ሕብረት ምፍጣር እዩ። *መገዲ* ድሕነት፣ ምስ ሥሉስ ቅዱስ፣ ኣብ ወልድ *መንፈስ* ቅዱስ፣ ሓድነትን ሕብረትን ምፍጣር እዩ /ዮሃ 14፥23 1ይ ቆሮ 3፥17ን 6፥19/። እዚ ጉዕዞ`ዚ ብጥምቀት ይጅምር። *"ብክርስቶስ የሱስ እተጠመቕና ዘበልና ኹላትና ብሞቱ ኸም እተጠመቕናዶ ኣይትፈልጡን ኢኹም፧ እምብኣርሲ ኸምቲ ክርስቶስ ብኽብሪ ኣቦኡ ኻብ ምዉታት ዝተንስኤ፥ ከምኡ ኸኣ ንሕና ብሓዳስ ህይወት ምእንቲ ኽንመላለስ፥ ናብ ሞት ብጥምቀት ምስኡ ተቐበርና።"* /ሮሜ 6፥4/ "ብክርስቶስ እተጠመቕኩም ዘበልኩም ንክርስቶስ ለበስኩምዎ እሞ" /ገላ 3፥27/። ኣብ ግዜ ጥምቀትና፣ እቲ ናይ ኣዳም ስጋ ተቐቢሩ፣ ብክርስቶስ ሓድሽ ፍጥረት ኮይንና ንትንስእ። ብማሕተም *መንፈስ* ቅዱስ ተሓቲምና፣ ድማ ስግኡን ደሙን ንቕበል። ስግኡን ደሙን ክንቐበል እንኸሎና፣ ኣምላኽ ኣባና ይሓድር፣ ንሕና ዉን ምስኡ ሓድነት ይህልወና /ዮሃ 6/። ኣብ ጉዕዞ ህይወትና ብሰንኪ ግብሪ ሓጢኣት ምስ እንወድቕ ዉን፣ ተመሊስና ብንስሓ ናብዚ ሕብረት እዚ ክንምለስ ንኽእል። ኣቦታትና ከም ዝመሃሩና ድማ፣ **"ንሕና ልክዕ ከም ኣምላኽ ክንኸዉን ኢና ተጸዊዕና ዘለና፣ ግለት እቲ ንሱ ብባህሪኡ ዝኰና፣ ንሕና ድማ ብጸጋ ከምኡ ክንኸዉን እዩ"።** እምበኣር *መንገዲ* ድሕነት እዚ እዩ፣ ንሕና ድማ ናብ ከምዚ ዓይነት *መንገዲ* ኢና፣ ተጸዊዕና ዘለና እሞ፣ *"ንኹሉ ዚኸብደናን ነቲ ዚጠብቀናን ሓጢኣትን ነርሕቕ፥ በቲ ኣብ ቅድሜና ተሐንጺጹልና ዘሎ መቀዳደሚ ኸኣ ብትዕግስቲ ንጒየ። ናብቲ፥ ሕፍረት ንዒቑ፥ ስለቲ ኣብ ቅድሚኡ ዘሎ ሓጐስ ኢሉ መስቀል እተዓገሰ ኣብ የማን ኣምላኽ እተቐመጠን ጀማር እምነትናን ደምዳሚኣን ኢየሱስ ንጠምት።"* /እብ 12፥1/

*መልእኽቲ ኤፌሶን* 3፥18-*መፈጸምታ «ብመንፈሱ ኣብቲ ናይ ውሽጢ ሰብ ብሓይሊ ምእንቲ ኽትብርትዑ፥ ከምቲ ሃብቲ ኽብሩ ኺህበኩም እጽሊ ኣሎኹ። ክርስቶስ ኣብ ልብኹም ብእምነት ምእንቲ ኺሐድር፥ ኣብ ፍቕሪ ሱር ሰዲድኩምን ተሰሪትኩምን፥ ምስ ኲሎም ቅዱሳን ምግፋሑን ምንዋሑን ምዕማቑን ቊመቱን እንታይ ምዃኑ ምስትውዓል ክትክእሉ፥ እሞ ነታ ንፍልጠት ሓለፍ እትብላ ፍቕሪ ክርስቶስ ክትፈልጥዋ፥* ***ክሳዕ ኲሉ ምልኣት ኣምላኽ ምእንቲ ኽትመልኡ፥ እጽሊ ኣሎኹ።*** *ግናኸ ከምቲ ኣባና ዚገብር ሓይሊ፥ ካብቲ ንሕና እንልምኖን እንሐስቦን ዘበለ እምብዛ ኣዕዚዙ ኺገብር ዚከኣሎ፥ ካብ ዘለኣለም ንዘለኣለም ንኹሉ ውሉድ ወለዶታት ኣብታ ማሕበር ብክርስቶስ ኢየሱስ ንእኡ ኽብሪ ይኹኖ። ኣሜን።»*

17 ብጹእ ኣቡነ ጳዉሎስ ናይ ኢትዮፕያ ፓትሪራሪክ ኣብ ቃለ መጠየቆም ካብ ዝሃብዎ መልሲ ዝተወስደ
18 ትርጓሜ ማቴዎስ 2:2